GOVERNMENT OF WESTERN AUSTRALIA
Department of **Education**

ንወለዲ ናይ ዕድሚኦም ካብ
8 ክሳብ 12 ዓመታት ዝኾኑ ቆልዑ

Never STOP READING!

# ምስ ደቅኹም ዓው ኢልኩም ተንብቡሉ ሓሳባት

ከም ወላዲ ደቅኻ ናይ ምንባብ ፍቕሪ ከምዕብሉን ክቕጽልዎን ክትሕግዞም ትኽእል – እዚ ከኣ ናይ ምንባብ ፍቕሪ ከማዕብሉ ይሕግዞም።

ኣብ ገዛ ምስ ደቅኻ ዓው ኢልካ ከተንብብ ከለኻ፡ እቲ ተመኩሮ ንሳቶም ናይ ኣባልነትን ውሕስነትን ስምዒት ክምዝህልዎም ይገብር። ከምኡ'ውን ደቅኹም ሓድሽ ነገር ክምሃሩ፡ ብዛዕባ ናይ ካልኦት ሓሳባት ክሓስቡን፡ ብዛዕባ እብ ዙርያኦም ዘሎ ዓለም ክሓቱን ይሕግዞም።

ንባብ ንምዝንጋዕን ከምኡ'ውን ንምምሃርን እዩ። ደቅኹም ንባብ ከም ኣገዳስን ደስ ዝብልን ገይሮም ንኽርእይዎ ክትድግፉሉ ትኽእሉ ገለ ሓሳባት ኣብዚ ኣለዉ።

## ቅድሚ ንባብ ምጅማርኩም

- ምቹእነት ከምዝስማዓኩም ግበሩ፡ ዝተዛነኹም ኩኑን ኣይትተሃወኹን። ነቲ ተመኩሮ ከተስተማቕርዎ ምእንቲ ናይ በሓቂ ተረጋግኡ!
- ኣንቢብክሞ ትፈልጡ መጽሓፍ ከተንብቡ ከለኹም፡ ንውላድኩም ቅድሚ ሕጂ ከተንብብዎ ከለኹም ዝዝክሮ ኣጋጣሚ እንተልዩ ሕተትዎ፡ ውሱናት ጠባያትን ፍጻሜታትን ከምዝሰምዑ ግበርዎም።
- ሓድሽ መጽሓፍ ከተንብቡ ከለኹም፡ ኣቐዲምኩም ርኢኹሞ ጽንሑ ምእንቲ እቶም ብዛዕብኦም ክትዛረቡ ትኽእሉ ቃላት፡ ኣምራትን ኩነታትን ኣቐዲምኩም ክትፈልጥዎም።
- ቅድሚ ምጅማርኩምብዛዕባ እንታይ ተንብቡ ከምዘለኹም ምስ ውላድኩም ተዛረቡ። ንኣብነት፡ እቲ ዛንታ ኣብ ካልእ ሃገር ዝተፈጸመ እንተኾይኑ፡ ብዛዕባ እታ ሃገር ትፈልጥዎ ገለ ነገራት ከም ምግቢ ወይ ፍሉጥ ህንጻ ወይ ኣከዳድና እቶም ህዝቢ ተዛረብ። ብዛዕባ ዘለዉኹም ሕቶታት እውን ክትዛረቡ ትኽእሉ።
- እንታይ ኪጋጥም ምኺኑ ትንበያ ክህብን ስለምንታይ ከምኡ ከምዝሓሰበን ንውላድኩም ሕተትዎ። ሓሳባት ካብ ኣርእስቲ እቲ መጽሓፍ፡ ገበር እቲ መጽሓፍ፡ ካብ ስእልታትን ንድፋዊ መለጺታትን፡ ከምኡ'ውን ካብቲ ዛንታ ዝውሕዙ ፍጻሜታት ሓሳባት ክረክብ ይኽእል።

## ኣብ እተንብበሉ እዋን

- ውላድካ ነቲ ዝሰምዖ ዘሎ ነገር ኣብ ኣእምሮኡ ስእሊ ክሃንጸሉ ዕድል ምእንቲ ኽረክብ ኣብ ምቹእ ፍጥነት ዓው ኢልኩም ኣንብቡሉ። ኣእምሮኣዊ ስእሊ ሓያል ናይ ምምሃር መንገዲ እዩ።
- እቲ መጽሓፍ ስእላዊ መግለጺ እንተልይዎ፡ ውላድኩም ንኽርእዮም ግዜ ሃብዎ። እዚ ደቅኹምሓደስቲ ቃላት ብምምሃር ፍልጠት ቃላቶም ዘስፍሑሉ ግዜ ክኸውን ይኽእል እዩ። ንኣብነት፡

ቆልዑ ንኽንብቡ ድሉዋት ኮይኖም ይውለዱ፡ ካብ ዝወለዱ ኣትሒዞም ከኣ፡ ካብ ማሙቕ ሕቑፊ ናይ ወላዲ ብዙሕ ይረብሑ ምስኡ ከኣ ድምጽታት፡ ኣገባባት ቋንቋን ስእልታትን ናይ ዝተፈትወ ኣርእስቲ ዝሓዘ መጽሓፈ-ዛንታ። ዋላ ቆልዑ ባዕላቶም ምንባብ ምስ ከኣሉ ካብ ምስ ወለዶም መጻሕፍቲ ምክፋል ቀጻሊ ይረብሖን (ይዘናግዑን)። ስለዚ ንኣኣቶም ምንባብካ ኣይተቋርጽ።



GOVERNMENT OF WESTERN AUSTRALIA

Department of **Education**

Never STOP READING!

- ቆልዑ ንኸንብበ ድሉዋት ኮይኖም ይውለዱ፡ ካብ ዝወለዱ ኣትሒዞም ከኣ፡ ካብ ማሙቕ ሕቑፊ ናይ ወላዲ ብዙሕ ይረብሑ ምስኡ ከኣ ድምጽታት፡ ኣገባባት ቋንቋን ስእልታትን ናይ ዝተፈትወ ኣርእስቲ ዝሓዘ መጽሓፈ-ዛንታ። ዋላ ቆልዑ ባዕላቶም ምንባብ ምስ ከኣሉ ካብ ምስ ወለዶም መጻሕፍቲ ምክፋል ቀጻሊ ይረብሑን (ይዘናግዑን)። ስለዚ ንኣኣቶም ምንባብካ ኣይተቋርጽ።
- ሓደ ዛንታ ዘፍቅድ እንተኾይኑ፡ ደው በል ግብረ-መልስታትን ሓሳባትን ከኣ ኣካፍል። ንኣብነት “ብዛዕባ እዚ <እቲ ቀንዲ ጠባይ> እንታይ ኮን ይስምዖ ይኸውን፧”
- ቆልዑ ውልቃዊ ዛንታታት ምስማዕ ይፈትዉ እዮም ስለዚ ኣብ ትኽእለሉ ኣብ ተንብበሉ እዋን ናትካ ዛንታታት ኣካፍል። ንኣብነት፡ “እዚ ሓደ ግዜ ንዓይ ኣጋጢሙኒ ነይሩ ሽዑ...”
- ውላድኩም ብዛዕባ እቲ መጽሓፍ ግብረ-መልሲ ንኽህብን ሕቶታት ክሓትትን ዕድል ሃቡ።
- ንምሉእ እቲ ዛንታ ኮፍ ኢልካ ኣብ ሓደ እዋን ዘይትውድኦ እንተኾይንካ፡ ኣብ መሳጥን ሰሓብን ክፋል ናይቲ ዛንታ ወድእ ምእንቲ ውላድካ ንዝቕጽል ተሃንጥዩ ክጽበዮ።
- ውላድካ ገለ ካብቲ መጽሓፍ ብተርኡ ከንብብ ኣተባብዓዮ ግን ኣይተገድዶ።
- ብድምጽኻ ኣዛናጋዒ ኩን። እቲ ጠባይ ኣንጭዋ ኣብ ዝኾነሉ ጭጭ ብዝብል ድምጺ ተዛረብ እቲ ጠባይ ሓሪቑ እንተልዩ ከኣ ብቑጡዕ ድምጺ ተዛረብ። ነቲ ዛንታ ህይወት ንምልባስ ከም “ዚዝታ”ን “ሂምታ”ን ዝኣመሰሉ ጠላሕታ ድምጺ ግበር። ኣብ ዘሕዝን ክፋላት ቀስ ብዝበለ፡ ትሑት ድምጺ ተዛረብ፣ ኣብ ዘሐጉስ ክፋላት ከኣ፡ ብዝቐልጠፈን፡ ዝያዳ ፍስሁን ድምጺ ተዛረብ።

## ንባብ ኣብ ዝወዳእካሉ እዋን

- ምስ ውላድካ ብዛዕባ እቲ ከተብቦ ዝጸናሕካ ተዛረብ። ንኣብነት “እቲ ዛንታ ብዛዕባ እንታይ ከም ትሓስብ ገይሩካ፧” ዘይ-ልብወለዳዊ እንተነይሩ ከኣ፡ “ሓድሽ ዝተመሃርካዮ ነገራት ንገረኒ።”
- ካብቲ መጽሓፍ ብዛዕባ ሓቅታት ወይ ፍጻሜታት ተዛረብ ከምኡ’ውን ጠባያት፡ ስእልታትን ትርጉምን። “ከምዚ ኣስተውዒለ...”፡ “ከምዚ ስኢለ...”፡ “ከምዚ ፈትየ...” (ወይ ከምዚ ኣይፈተኹን...) ከምኡ’ውን “ከምዚ ደኾን ይኸውን...”። ውላድኩም እንታይ ኣስተውዒሉ፡ ዝሓዞ ስእሊ፡ ዝፈተዎ/ዘይፈተዎን ዘገረሞን ሕተትዎ።
- ውላድኩም ናይ ገዛእ ርእሱ ርእይቶታት ክገልጽን ስለምንታይ ከምኡ ሓሲቡ ክዛረብን ኣተባብዕዎ።
- ክሓስብን ክዛረብን ምእንቲ ንውላድኩም ሕቶታት ሕተትዎ። እወ ወይ ኣይኮነን ዝብል መልሲ ዘድልዮ ዘይኮነ ክፉት መልሲዘለዎ ሕቶታት ተጠቐሙ። ንኣብነት “እዚ ጠባይ ጽቡቕ ዓርኪ ምኾነ ኢልካ ትሓስበሉ ምኽንያት እንታይ እዩ፧” ወይ “ኣብ ከምዚ ኩነታት እንታይ ምገበርካ፧” ወይ “ብዛዕባ ቍርዖብ ካልእ ትፈልጦ እንታይ ኣለካ፧”
- ኣብቲ ዛንታ ዘለዉ ፍጻሜታት ምስ ውላድኩም ድሮ ዝፈልጦ ነገራት ወይ ዘሕለፎ ተመኩሮ ኣተኣሳስርዎ።
- ውላድኩም ነቲዛንታ ደጊሙ ክነግሮ ወይ ስእሊ ክስእል ኣተባብዕዎ – ወይ’ውን ንክፋላት እቲ ዛንታ ብግብሪ ክዋስኦ።
- ብዛዕባ እቲ ዛንታ ኣብ ካልእ እዋናት፡ ኣብ ሓፈሻዊ ዕላላት ተዛረቡ።

ፈጺምካ ምንባብ ኣይተቋርጽ! ንወለዲ ዋላ ደቆም ምንባብ ምስከኣሉ ዓው ኢሎም ከንብብሎም የተባብዕ።

መጽናዕቲ ከምዝሕብሮ ዓው ኢልካ ምንባብ ናይ ቆልዑ ፍልጠትን ቃላትን የመሓይሽ፡ ከምኡ’ውን ምጽሓፍን ምርዳእን። ደቆም ዓው ኢሎም ከንብቡ ከለዉ ብምስማዕ፡ ስድራቤታት ናይ ደቆም ምምሃር ይሕግዙ፡ ከምኡ’ውን ርእሰ ተኣማንነቶምን ናይ ውሕስነት ስምዒቶምን ይውስኽ።

ንቆልዑን ምስ ቆልዑን ምንባብ፡ ማሕበራውን ስምዒታውን ረብሓታት እውን ኣለዎ – ኣወንታዊ ሃዋህውን ናይ ደሓን-ምህላው ስምዒትን የንግስ።

እቶም ‘መጽሓፍ’ን ‘ዛንታ’ን ዝብሉ ስያመታት ብሓፈሽኡ እንታይ ተንብብ ኣለኻን ብዛዕባ እንታይ ምዃኑን ይገልጹ። ምስ ደቅኻ ዓው ኢልካ ኣብ ዝኾነ ቦታ ከተንብብ ትኽእል ኢኻ – ኣብ ገዛን ምስ ወጻኻን – ዝተፈላለየ ነገራት ከም መጻሕፍቲ፡ ብሮሽራት፡ ናይ ደርፊ ግጥምን መጻሕፍቲ ምድላው ምግብን ክትጥቀም ትኽእል።